# 49 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 18.08.2009

ካብ 10-15 ነሓሰ 2009 49 ኤርትራውያን ብዝተፈላለዩ ወገናት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብኦም፡ እቶም 23 ወተሃደራት ክኾኑ እንከለዉ፡ ዝርዝሮም ብዝምልከት ድማ 10 ካብ ክፍለ ሰራዊት መበል 11፤ 11 ካብ ክፍለ ስራዊት መበል 16፤ ክምኡ ድማ፡ ክልተ ካብ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ኢዮም።

እቶም ዝተረፉ 26 ድማ 4 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም ተመሃሮ እዮም። እዚ ከምዚሉ እንከሎ ብ22 ሓምለ 2009 ሓደ ወዲ ተባዕታይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ኤርትራውያን መንእሰያት ናብ ኢትዮጵያ ክሰግሩ እንከለዉ ብውሕጅ ተከዘ ተወሲዶም ሬሳኦም ኣብ ርሑቕ ቦታ ከም ዝተረኽበ ተፈሊጡ ኣሎ።